British Red Cross

Home Office

# ናይ ስደተኛ ደቂ ኣንስትዮ ዲጂታላዊ ምብቃዕን ኮኔክት ፕሮጀክት

Guide to accompany
Integration Films



## ኣብ እንግሊዝ ንዝመፁ ድራ ኣገደስቲ መረዳእታታት

# ኣፍልጦታት

እዚ መምርሒ ዝማዕበለን ዝተተርጎመ ብስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ዲጂታል ምብቃዕ ፕሮጀክት ከም ሓጋዚ መሳርሒ ንኽገልግል እዩ፡፡ እዚ ፕሮጀክት ብሆም ኦፊስ ዳግመ ሰፈራ ናይ ስደተኛታት ዑቕባ ደገፍን ስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እንግሊዝ ንምውህሃድን ዳይረክቶሬት ዘጋጥመን ብድሆታት ንምስጋር ንከኽእለን ብዝቐረበ ፈንድ ብምትሕብባር ይምወል፡፡

ናይዚ ኔትዎርክ VOICES ብናይ ስደተኛታት ዳግማይ ምስ ስድራ ምርኻብ ቪዛ ኣቢለን ናብ እንግሊዝ ንዝጎዓዛ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታትን ትሕዝቶ ብዝምልከት ሓሳባተን፣ ልምደንን ፍልጠተን ንዘካፈላና ኣባላት ነመስግን ንፈትው፡፡ ብተወሳኺ ድማ ነቲ ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘረ ዝርዝር መረዳእታ፣ ኣገዳሲ ተሞክሮን ኣሰራርሓን ፍልጠት ዘካፈሉና ናይ ስድራ ዳግማይ ምውህሃድ ኣገልግሎት ክነመስግን ንፈትው፡፡ እዚ ትሕዝቶ ብኢንግሊዝኛ፡ ኣምሓርኛ፡ ዓረብኛ፡ ፋርሲ፡ ኩርዲሽ (ሶራኒ) ሶማሊ፡ ትግርኛን ኡርዱን ቀሪቦም እዮም፡፡

## ትሕዝቶ


ቪዛኺ፣ BRP ከምኡ ድማ ምርጫኺ፡፡ ........ 3
ዩንቨርሳል ክረዲት........ 4
መንበሪ ገዛ ........5
ክንክን ጥዕና ........7
ናይ ህፃናት ትምህርቲ ........ 10
ድሕንነት ህፃናት ምሕላው........ 11
ዘቤታዊ ጥቕዓት........ 12
ምፍልላይ ስድራ: ........ 13






# ኣብ እንግሊዝ ንዝመፁ ድራ ኣገደስቲ መረዳእታታት

***ስደተኛ ዝኾነ ኣባል ስድራ ንምርኻብ ኣብዚ ቀረባ እዋን ናብ እንግሊዝ እንተድኣ መፂእኺ ወይ ብናይ ስደተኛታት ስድራ ዳግመ ምርኻብ ቪዛ ክትመፂ እንተድኣ ኮይንኪ እዚ ዶክመንት ዝሕግዘኪ መረዳእታ ኣለዎ እዩ፡፡ ብዛዕባ ትፅቢት እትገብርዮም ነገራት ንክትርድእን ንስኽን ስድራኽን ኣገደስቲ ዝኾኑ ደገፋት ንክትረኽሙ ክሕግዘኪ ይኽእል እዩ፡፡***

## ቪዛኺ፣ BRP ከምኡ ድማ ምርጫኺ፡፡

ናይ ስደተኛታት ዳግማይ ምስ ስድራ ምርኻብ ቪዛ ማለት ምስ ናይ ስደተኛ ኩነት ዘለዎ ሰብ መፃምዲ ወይ ኣባል ስድራ ኣለኪ ማለት እዩ፡፡ ሓላያይ ተባሂሎም ይፅውዑ፡፡ እዚ ቪዛ እዚ ክተማልእዮ ዝግበኣኪ ከም ምስ ሓላይኺ ምንባር ሓሳብኪ፣ መፃምድኺ እንተድኣ ኮይኖም ምስኦም ዘለኪ ርክብ ክትቅፅሊ ይግባእ፡፡

ናይ ስደተኛ ምስ ስድራ ዳግማይ ምርኻብ ቪዛኺ ዘገልግለኪ ሓላይኺ ናይ ስደተኛታት ኩነት ክሳዕ ዝሃለዎ እትኽውን፤ ኣብ እንግሊዝ ‹‹ምንባር›› ከመልክቱ ከለው ንስኺ እውን ብተመሳሳሊ ግዘ ብሓባር ክተመልክቲ ኣለኪ፡፡

ንስኺ ናይ ስድተኛታት ኩነት የብልክን፣ ስለዝኾነ ናብ ሃገርኪ ተመልስኪ ክትኸዲ ትኽእሊ እኺ፤ እንተኾነ ግና ሓላይኺ (ስደተኛ ዝኾነ) ኣይክእልን፡፡ ናይ ዓርስኺ ወይ ናይ ሓላያይኪ ናይ ስደተኛታት ኩነታት እንከይሃሰኺ ወይ ኣብ እንግሊዝ ንምፅናሕ ኣብ እትገብርዮ ናይ ቪዛ መመልከቲ እንከይሃሰኺ ብኸመይ ካብ እንግሊዝ ወፃኢ ክትጎዓዚ ከም እትኽእሊ ዝምልከት መረዳእታ ንምርካብ ናይ ስደተኛታት ኣማኻሪኺ ምርካብ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናይ ስደተኛታት ኣማኻሪ ኣብ ከባቢኺ ወይ ካብ እዞም ዝስዕቡ ቦታታት ክትረኽቢ ትኽእሊ፡

**OISC**
www.home.oisc.gov.uk

**ሕግን ማሕበረሰብ ኖርዘርን ኣይስላንድ (Law Society Northern Ireland)**
www.lawsoc-ni.org/solicitors

**ናይ ኢሚግሬሽን ሕጊ ክኢላታት ማሕበር(Immigration Law Practitioners Association)**
www.ilpa.org.uk

**ናብ እንግሊዝ ምስ መፃእኺ ባዮሜትሪክ ናይ መንበሪ ፈቓድ (BRP) ክትቕበሊ ኣለኪ፡፡** ናይ ውሳነ ደብዳበኺ BRP ካበይ ምርካብ ከም እትኽእሊ ክሕብረልኪ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ናይ ኣባል ስድራኺ ከባብያዊ ናይ ፖስታ ቤት ፅሕፈት ይኸውን፡፡ BRP ንምውሳድ ቪዛኺ ክተምፅእዮ ይግባእ፡፡ BRP ንምውሳድ ዘጋጠመኪ ፀገም ኦንላይን ብ www.gov.uk/biometric-residence-permits/collect ሪፖርት ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

ዓባይ ከም ምኳንኪ ኣብ እንግሊዝ ናይ ምንባር ምርጫ ኩሉ ግዘ ናትኪ እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ንክትጎዓዚ ወይ ኣብዚ ንክትፀንሒ እንተድኣ ኣገዲድኪ ናብ ***ሀገራዊ ዘቤታዊ ጥቕዓት ናይ ደገፍ መስመር*** ወይ ***ፖሊስ*** ብ 101 ን24 ሰዓት ደገፍ ንምርካብ ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ህፁፅ ሓደጋ እንተድኣ ኮይኑ፣ ብ999 ናብ ናይ ህፁፅ ሓደጋ ኣገልግሎት ክትድውሊ ይግባእ፡፡ እቲ ትዛረብዮ ቋንቋ እንተድኣ ነጊርክዮም ኣስተርጓሚ ክረኽቡልኪ ይኽእሉ እዮም፡፡

***ሀገራዊ ዘቤታዊ ጥቕዓት ናይ ደገፍ መስመር***
0808 2000 247

ዝኾነ ሰብ ንክትጎዓዚ ወይ ኣብዚ ንክትፀንሒ እንተድኣ ኣገዲድኪን ብዘይካ ድልየትኪ ንናይ ዓርሶም ጥቕሚ ሕማቕ ነገር ንክትሰርሒ እንተድኣ ኣገዲዶምኺ ናብ ዘመናዊ ናይ ባርነት ደገፍ መስመር ወይ ፖሊስ ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

**ዘመናዊ ናይ ባርነት ደገፍ መስመር**
08000 121700

## ዩንቨርሳል ክረዲት(Universal Credit)

ብናይ ስደተኛታት ዳግመ ምርኻብ ቪዛ ኣቢልኪ ኣብ እንግሊዝ ክትሰርሒ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ብተወሳኺ ድማ ‹‹ህዝባዊ ምወላ››፣ ጥቕሚ ወይ ናይ ውሕሰት ደገፍ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ እዚ ማለት ድማ ክትሰርሒ እንተዘይክኢልኪ፣ ስራሕ እናኣለኽክን ክሳዕ ሕጂ ግና እንተዘይረኺብኪ ወይ ናብራ ንምምራሕ እኹል ክፍሊት ዘይክፈለኪ እንተድኣ ኮይኑ ስቴት መሰረታዊ ወርሓዊ ክፍሊት ክህበኪ እዩ፡፡ እዚ ድማ **ዩንቨርሳል ክሬዲት** ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡

> **ዩንቨርሳል ክረዲት** ብወርሒ ናብ ባንኪ ሒሳብ ዝኽፈል እንትኸውን ንዩንቨርሳል ክረዲት ኦንላይን ክትኣትዊ ይግባእ፡፡ እዚ ንምቕባል ቅድመ ክነታት ኣለው እዮም፡፡ ስምምዕ ትፍርምን እዚ እንተዘይኣኽቢርኩም ድማ ቅፅዓት ክህልው ይኽእል እዩ፡፡
>
> ዩንቨርሳል ክረዲት ከም መግቢ፡ ክዳን፡ መጎዓዝያ፡ ናይ ገዛ ወፃእን ዝኾነ ንምግዛእ እትደልይዎ ነገር ንምግዛእ ዝኣመሰሉ ናይ ናብራ ወፃእታት ንምሽፋን ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፡፡
>
> ካብ ዩንቨርሳል ክረዲት እትረኽብዎ መጠን ከከም ኩነታት ዝፈላለ እንትኸውን ንኣብነት ህፃናት ምህላዎም፡ ምስራሕ ከይትኽእል ዝገብሩ ስንክልና ወይ ኩነታት ጥዕና ወይ ክራይ ንምኽፋል ደገፍ ምድላይን፡ መፃምድኺ ዘለዎ መጠን እቶት የካትት፡፡

ዩንቨርሳል ክሬዲትን ካልኦት ጥቕምታት ንምርዳእ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ እዩ፡፡ ዩንቨርሳል ክሬዲት ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ሕቶ እንተድኣ ኣለኪ ናብዞም ዝስዕቡ መስመራት ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ፡

| | |
|---|---|
| **ዩንቨርሳል ክረዲት ናይ ደገፍ መስመር** | ☎ 0800 328 5644 |
| **ናይ ዜጋታት ምምኻር ቤት ፅሕፈት ናይ ምኽሪ መስመር (ኢንግላንድ)** | ☎ 0800 144 8 444 |
| **ናይ ዜጋታት ምምኻር ቤት ፅሕፈት ናይ ምጥራሕ ደገፍ (ስኮትላንድ)** | ☎ 0800 023 2581 |
| **ናይ ዜጋታት ምምኻር ቤት ፅሕፈት ናይ ምምኻር ሊንክ (ዌልስ)** | ☎ 0800 702 2020 / 08000 241 220 |
| **ምምኻኻር ሰኣ**(Advice NI)**(ሰሜናዊ ኣየርላንድ)** | ☎ 0800 915 4604 |

### ናይ ዩንቨርሳል ክሬዲት መመልከቲ ብኸመይ ይጅምር?

መፃምድኺ ናይ ዩንቨርሳል ክሬዲት እንተድኣ ኣለዎ ኮይኑ ብሓባር ክተመልክቱ **ይግባእ**፡፡ እዚ እንተድ ጌርኪ እቲ ናይ ስራሕ ማእኸል ሕቶኹም ክሳዕ ዝጣመር ናይ መፃምድኺ ዩንቨርሳል ክሬዲት ክፍሊት ብግዝያውነት ን5 ሰሙናት ክቋረፅ እዩ፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ ናይ መግቢ፣ ክራይን ናይ ማይን መብራህት ክፍሊት ንምኽፋል ደገፍ ንክግበረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ ናይ ቅድም ክፍሊት፣ ናይ ልቓሕ ወይ ዝኾነ ዓይነት ካልእ ደገፍ ክፍሊት ክትረኽቢ ከም እትኽእሊ ንምፍላጥ ንናይ ስራሕ ማእኸል ምዝርራብ ከድልየኪ ይኽእል እዩ፡፡

ዩንቨርሳል ክረዲት በቲ ሰባት ስራሕ ንክረኽቡ ዝሕግዝ ናይ ስራሕ ማእኸል ቁፅፅር ይግበረሉ፡፡ ናብ ናይ ስራሕ ማእኸል ክትኸዲ ከለኺ ምስ ‹ናይ ስራሕ ኣሰልጣኒ› ትራኸቢ፡፡ ኣብ ሃገራዊ ኢንሹራንስ ቁፅሪ (NINO) እንተዘይሃልይኪ ንክተመልከቲ ክሕግዙኺ እዮም፡፡ እዚ ኣብ እንግሊዝ ዘለው ሰባት ዘለዎም ፍሉይን ውልቃዊ ቁጽሪ እንትኸውን ንስራሕ ንምምልካት፣ ግብሪ ንምኽፋልን ጥቕምታት ንምቕባል ዘድሊ እዩ፡፡ እዚ መንነት ምትትላል ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ስለዝኽእል እቲ ዝሓተኪ ሰብ ንምንታይ ከም ዝሓተኪ እንከይፈለጥኪ ንሰብ ኣይትሃቢ፡፡ NINO ንምርካብ ካብ 2-6 ሰሙናት ይወስድ፡፡ ብቡስጣ ክለኣኽልኪ እዩ፡፡

**ዩንቨርሳል ክረዲት ሕቶ** ብዛዕባ ምጅማር ተወሳኺ መረዳእታ ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ፡ **www.gov.uk/apply-universal-credit**

### ኣብዚ ናይ ስራሕ ማእኸል እንታይ ይሓትት?

**ንናይ ስራሕ ማእኸል ቆፀሮ ኣስተርጎሚ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ፣** እንተድኣ ደሊኺ። ኢንግሊዝኛ ክእለትኪ ብፍላይ ፅቡቕ እንተዘይኮይኑ ወይ ኣጠቓቕማ ኮምፒተር ዘይትፈልጢ እንተድኣ ኮይንኪ፣ ምስ ናይ ስራሕ ኣሰልጣኒኺ ኣብ እትገብርዮ ፈላማይ ኣኼባ ‹ዲጂታላዊ ዘይኮነ ርክብ› ንክህልው ትኽእሊ ኢኺ። እዚ ማለት ድማ ብኮምፒተር እንተይኮነ ብቴሌፎን ክረኽቡኺ እዮም።

### እቶም ሕግታት እንታይ እዮም?

ናይ ስራሕ ኣሰልጣንኺ ክትረኽቢ ከለኺ ‹ናይ ተጠቃሚ ግዴታ› ተባሂሉ ዝፅዋዕ ናይ ዩንቨርሳል ክሬዲት ንምርካብ ብዛዕባ ዘለው ሕግታት ከዘራርቡኺ እዮም። እዚኦም ስራሕ ከም ትደልይ ዘለኺ ንምርኣይ እትወስድዮም ስጉምትታት እዮም። እዚ ድማ ንገለገለ ዓይነታት ስራሕ ንክተመልከቲ ወይ ኢንግሊዝኛ ናይ ምዝራብ ክእለትኪ ክተመሓይሺ ክትሕተቲ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ስምምዕ እንተዘይኣኽቢርኪ፣ መቕፃዕቲ ክትቅፅዒ ትኽእልን፡ እዚ ድማ እቶም ዝኽፈሉኺ ኩሎም ወይ ገለገለ ክፍሊታት ከካትት ይኽእል እዩ። እዚ ማዕቐብ ተባሂሉ ይፅዋዕ። ስምምዕኺ ምርዳእ፣ ትገብርዮ ዘለኺዮ ነገርን መዓዝ ዝብል ነገር ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ምስ ናይ ስራሕ ኣሰልጣኒኺ ክትራኸቢ ከለኺ ንፁርን ዝተፅሓፈ መምርሒ ንምርካብበ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ። ኦንላይ ጆርናል ብምርኣይ ናይ ተጠቀምቲ ግቡእ ክትሪኢ ትኽእሊ ኢኺ።

መፃምድኺ ዝሰርሕ እንተድኣ ኮይኑ ንናይ ዩንቨርሳል ክሬዲት ብምምልካት ተወሳኺ ደገፍ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ፤ እንተኾነ ግና ናይ መፃምድኺ ገንዘብ ክንደይ ከም እትረኽቢ ፅልዋ ከሕድር እዩ።

### ህፃን እንተድኣ ኣለኪ

ኣብ ሞንጎ ዩንቨርሳል ክረዲትን ናይ ህፃናት ጥቕም ኣፈላላይ ኣሎ፡

**ናይ ህፃናት ጥቕሚ** ህፃናት ንምዕባይ ንወለዲ ወይ ንካልኦት ሰባት ዝኽፈል ገንዘብ እዩ። ዕድምኦም ትሕቲ 16 ንዝኾኑ ህፃናትን ገለገለ እዋን ተቐባልነት ዘለዎ ሙሉእ መዓልቲ ትምህርቲ ዝመሃሩ እንተድኣ ኮይኖም ዕድምኦም ልዕሊ ዓሰርተ ሸዱሽተ ዝኾኑ ህፃናት (ዕድመ 16-20)ናይ ህፃናት ጥቕሚ ክተመልከቲ ትኽእሊ ኢኺ።

**ናይ ህፃናት ጥቕሚ ቅጥዒ** ካብ መርበብ ሓበሬታ ክተውርዲ ትኽእሊ ኢኺ፡ **www.gov.uk/child-benefit/how-to-claim**.

### ናይ ባንኪ ሒሳብ ክኸፍት ኣለኒዶ?

ዩንቨርሳል ክሬዲት ናብ ናይ ባንኪ ሒሳብ ዝኽፈል እንትኸውን፤ እዚ ሒሳብ ባንኪ ድማ በቲ ኣመልካቲ ስም ዘሎ እዩ። እዚ ክትልውጢ ትኽእሊ ኢኺ እንተኾነ ግና ኣብ ክልተ ሒሳብ ባንኪ ‹‹ምምቓል›› ኣይከኣልን።

ናይ ህፃናት ጥቕሚ ዝኣመሰሉ ጥቕምታት ንምርካብ ናይ ባንኪ ሒሳብ ክትኸፍቲ ኣለኪ። ናይ ባንኪ ሒሳብ ንምኽፋት **መንነትኪ፡ ናይ ስደተኝነት ኩነታትን ኣድራሻ** ዝገልፅ መረዳእታ የድልየኪ እዩ። መብዛሕትኡ ግዘ ባንክታት ሒሳብ ንምኽፋት ዝተፈላለየ ከይዲ ኣለዎም፡ ፡ ብዛዕባ እዚ ንምፍላጥ ናብ ባንክ ብምኻድ ሒሳብ ብኸመይ ከም ዝኽፈት ምሕታት እዩ።

## መንበሪ ገዛ

### መንበሪ ገዛ ብኸመይ ይረከብ?

ኣብ እንግሊዝ መንበሪ ገዛ ንምርካብ ዝተሓላለኸን እቲ መማረፅኺ ድማ ኣብ እንግሊዝ እትረከብሉን ኩነታት ስድራኺ ይውሰን። ክሳዕ ሕጂ እትኣትውሉ ምቹው ገዛ እንተዘይሃልይኪ ምኽሪ የድልየኪ እዩ። መዕቖቢ፣ (Shelter) ሃገራዊ ረድኤት፤ ኣብ ኢንግላንድ፣ ስኮትላንድን ዌልስ ኣብ መሰላትንክን ዝግበኣኪ ነገራት ምኽሪ ይህበኪ። ናይ ሰሜናዊ ኣየርላንድ (Housing Advice NI) መንበሪ ገዛ ምምኻር ብፍላይ ንነበርቲ ሰሜናዊ ኣየርላንድ ምኽሪ የቕርብ።

**መዕቖቢ (ኢንግላንድ)**

0808 800 4444 www.shelter.org.uk

**መዕቖቢ (ስኮትላንድ)**
0808 800 4444 www.shelter.org.uk

**መዕቖቢ (ዌልስ)**
08000 495 495 www.sheltercymru.org.uk

**ናይ መንበሪ ገዛ ምምኻር ሰሜናዊ ኣየርላንድ**
028 9024 5640 www.housingadviceni.org

## ማሕበራዊ መንበሪ ገዛ ወይ ቤት ምኽሪ መንበሪ ገዛ?

‹‹ማሕበራዊ መንበሪ ገዛ››ስእነት ገዛ ንኺጋጥሞም ኣብ ስግኣት ዘለው ሰባት ብመንግስቲ ዝቐርብ ሓበራዊ መንበሪ እዩ፣ እንተኾነ ግና ኣብ እንግሊዝ ሰባት ብግሎም ካብ ኣካረይቲ ይካረዩ ወይ ናይ ዓርሶም ገዛ ኣለዎም እዩ፡፡

መንግስቲ ንገለገለ ስድራ ዝረድእ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ኩነታት ዘለው ስድራ እንትኸውን፤ ንኣብነት እቲ ሓበራዊ መንበሪ ፃዕቒ ሰብ እንተድአ ኣለዎ፣ ወይ ኣብ ሕማቕ ኩነታት እንተድኣ ኣሎ፣ መጥቓዕቲ ንከይበፅሓኪ ኣብ ስግኣት እንተድኣ ኣለኺ ወይ ስእነት ገዛ ከየጋጥም ስግኣት እንተድ ኣሎ፡፡

ስእነት ገዛ እንተድኣ ኣለኪ ወይ ኣብ እዞም ዝስዕቡ 56 መዓልትታት ስእነት ገዛ ከየጋጥመኪ እንተድኣ ሰጊእኺ ንከባብያዊ ምምሕዳር ናይ መንበሪ ገዛ ቤት ፅሕፈት (ብተወሳኺ ድማ **ከባብያዊ ቤት ምኽሪ(Local Council)**ተባሂሉ ይጽዋዕ) ወይ ኣብ ሰሜናዊ ኣየርላንድ እንተድኣ ኣለኺ ን**ኣመሓዳሪ መንበሪ ገዛ(Housing Executive)**ብምርካብ ደገፍ ንኽገበረል ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

**ከባብያዊ ምምሕዳር ብ www.gov.uk/homelessness-help-from-council ርኸቡ**

**ሰሜን ኣየርላንድ መንበሪ ገዛ ኤክስኪዩቲቭ www.nihe.gov.uk**

እቲ ቤት ምኽሪ ማሕበራዊ ገዛ ክረክብ ዘለዎ ሰብ ይቆፃፀር፡፡ ናይ ‹‹ስእነት ገዛ ገምጋም›› ብምኽያድ ከቕርብዎ ብዛዕባ ዝኽእልዎ ነገር የለልዩ፡፡ ናይ ነዊሕ ግዘ መንበሪ ገዛ ንምርካብ ንነዊሕ እዋን ምፅባይ ከድልይ እዩ፡፡ ኣብ ናይ ዓራትን ቁስርን ወይ ሆስቴል ክትኣትዊ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

እቲ ከባብያዊ ምምሕዳር ሓገዝ ክገብረልኪ ከም ዝኽእል ንምግምጋም ናይዞም ዝስዕቡ መረዳእታት ንክተቕርቢ ክትሕተቲ ትኽእሊ ኢኺ፡

- **ናይ ስደተኝነት ኩነት መረዳእታ፡፡** እዚ ማለት ድማ ቪዛ ወይ ኣብ እንግሊዝ ናይ ምፅናሕ መሰል ከም ዘለክን በየናይ ኩነታት ኣብዚ ከም ዘለኺ ክፈልጡ ይደልዩ እዮም፡፡
- **ቀዳምነት ዝወሃቦ ነገር መረዳእታ፡፡** እዚ ማለት ድማ ኣብ ስድራኹም ነፍፀር እንተድኣ ኣሎ፣ ስንክልና ዘለዎ ሰብ እንተድኣ ኣሎ፣ ኩነታት ጥዕና ወይ መጥቓዕቲ ከይበፅሖ ኣብ ስግኣት ዘሎ ሰብ እንተድኣ ኣሎ ወይ ዝኾነ ኣባል ስድራ ዕድምኡ ትሕቲ 18 እንተድ ኮይኑ ዝኣመሰሉ ውልቃዊ ሕቶታት ምሕታት ማለት እዩ፡፡
- **ብናትኪ ፀገም ምኽንያት ስእነት ገዛ ከም ዘየጋጠመኪ ዘርእይ መረዳእታ፡፡** እዚ ማለት ድማ ካብቲ ገዛ ንምውፃእ ከምዘይመረፅክን ወይ ነቲ ዝቐረበልኪ ደገፍ ከም ዘይነፀገኪ ዘርእይ እዩ፡፡
- **ናይ ‹ከባብያዊ ርክብ› መረዳእታ** እዚ ማለት ንዓርስኺ ሓላፍነት ከም እትወስዲ ክፈልጡ ይደልዩ፡፡ ከባብያዊ ርክብ ማለት ኣብቲ ቦታ ንዝተወሰነ ሰዓት ምንባር፡ ኣብኡ ምስራሕ ወይ ኣብኡ ዝነብር ስድራ ምህላው ማለት እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ግዘ፡ ኣብ ናይ ስደተኛታት ስድራ ዳግመ ምርኻብ ፡ እቲ ስድራ ከባብያዊ ርክብ ዘለዎ ቦታ ማለት እቲ ተሓላቓይ ናይ ስደተኛ ኩነታት ከወሃቦ ከሎ ዝነበረሉ ቦታ ማለት እዩ፡፡ ከባብያዊ ርክብ ናብ ዘይብልኪ ቦታ እንተድኣ ከይድኪ እቲ ከባብያዊ ምምሕዳር ከይሕግዘኪ ይኽእል እዩ፡፡

## እንታይ ዓይነት መንበሪ ገዛ ይቐርበለይ?

ሕፅረት ቀረብ መንበሪ ገዛ ስለዘሎ ኣብቲ ዝቐርበልኪ መንበሪ ገዛ ብዙሕ መማረፂ ኣይህልወክን፡፡ ኣብ ዝትደልዮ ቦታ ወይ ዋላ ከተማ፡ እትደልዮን ናይቲ መንበሪ ገዛ ፅርየት ከምቲ ትፅቢት እትገብርዮ ከይኸውን ይኽእል እዩ፡፡

ቀዋሚ ዝኾነ ማሕበራዊ መንበሪ ንምርካብ ብዙሓት ኣዋርሕ ወይ ዋላ ዓመት ክወስድ ይኽእልን እዚ ነገር ምርኣይን ምጭራት ናትኪ ሓላፍነት እዩ፡፡

### እቲ ዝቐረበለይ መንበሪ ገዛ እንተዘይደልየዮ ኸ?

እቲ ንምክራይ እትደልይዮ ማሕበራዊ ገዛ ግለፂ፡ እንተኾነ ግና ብቕልጡፍ መንበሪ ገዛ ክትምደቢ እንተድኣ ኣድላይ ኮይኑ ብግዝያውነት እትዓርፍሉ ገዛ ክቐርበልኪ ይኽእል እዩ፡፡እቲ ቤት ምኽሪ ዘቕርበልኪ ማሕበራዊ መንበሪ ቅድሚ ምንፃግኪ ናፃ ምኽሪ ክትረኽቢ ኣለኪ፡ ምኽንያቱ ድማ እዚ ምንፃግ ጎናዊ ሳዕቤን ኣለዎ፡፡ኣብ ገለገለ ኩነታት እቲ ቤት ምኽሪ ቤት ኣልቦ ክትኾኒ ከም ዝመረፅኪ ብምግንዛብ ብተወሳኺ ደገፍ ንምግባር ከይቕበሉ ይኽእሉ እዮም፡፡

### ንኽራይ ምኽፋል

ዩንቨርሳል ክረዲት ትቕበሊ እንተድኣ ኮይንኪ ንመንበሪ ገዛ ምኽፋል እውን የካትት፡፡ ኣድራሻኺ እንተድኣ ቀይርኪ ነቲ ናይ ስራሕ ማእኸል ክትሕብ ይግባእ፡፡

ዓብይ ስድራ እንተድ ኣለኪ፡ ምጭንናቕ ንከይፍጠር ዓብይ ገዛ ክድልየኪ ይኽእል እዩ፡፡ ካብ ዩንቨርሳል ክረዲት ክራይ ንምኽፋል መንግስቲ ዝገብረልኪ ደገፍ ደረት ከም ዘለዎ ኣስተብህሊ፡፡ እዚ ማለት ድማ ናይ ክራይ ምድንጓይ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ናይ ገዛ ኣካራይኺ ዕዳ ንከይህልወኪ ካልእ እቶት ብምጥቃም ክራይ ገዛ ክትኽፍሊ ኣለኪ፡፡ ናይቲ እትረኽብዮ ደገፍ ዝፈላለ መጠን ገዛኽን እትነብርሉ ቦታ መሰረት ብምግባር እዩ፡፡

ዝሓሰረ ዋጋ ዘለዎም መንበሪ ገዛታት ክሳዕ ትእልሺ ወይ ንዓኺ ገንዘብ ክሳዕ ዝኽፈለኪ ክሳዕ ትፅበይ ግዝያዊ ደገፍ እንተድኣ ደሊኺ ንቲ ከባብያዊ በዓል ስልጣን ፋይናንሳዊ ደገፍ ክትሓቲ ትኽእሊ (ንኣብነት ኣድላይ ናይ መንበሪ ገዛ ክፍሊት) ኢኺ፡፡ ኩሉ ከባብያዊ ምምሕዳር ኣብዚ ፋይናንሳዊ ደገፍ ክህብ ኣይኽእልን ከምኡ ድማ ስድራኺ ዘለሉ ኩነታት መሰረት ይገብር፡፡

### ናይ ግሊ መንበሪ ገዛ ክካረይ ይኽእልዶ?

ካብ ብማሕበራዊ መንበሪ ገዛ ምርካብ ብውልቀ ዝካረይ ገዛ ምርካብ ቀሊል ክኸውን ይኽእልን፡ እዚ ድማ ምስ መካረይ ገዛ ናይ ቀዋሚ ውዕሊ ዘካትት እዩ፡፡ ናይ ውልቀ ከባብያዊ ገዛ ብደለልትን ኣብ ናይ መርበብ ባይታ ዝርዝር ይርከብ፡፡ ብውልቀ ዝካረዩ ዓይነት ገዛውቲ ኣብ መላእ ሀገር ይፈላለይ እዩ፡፡

እትካረይዮ ገዛ ምስ ረኺብኪ፡ ኣብቲ ገዛ ንዝበፅሕ ጉድኣት ኣቐዲምኪ ንምኽፋል ዘኽእል ድምር ገንዘብ ክተቐምጢ ይግባእ፡፡ እዚ እንተነኣሰ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ እዩ፡፡

ብተወሳኺ ድማ ናይ ‹ክራይ ስምምዕ› ክትፍርሚ ይግባእ፡፡ እዚ ኣብ ሞንጎኽን (ተኻራይቲ) ናይቲ ገዛ በዓል ዋና መካረይ (እዚ ከባብያዊ ምምምሕዳር፡ ናይ ገዛ ማሕበር ወይ ውልቀ ሰብ ክኸውን ይኽእል)ዝግበር ሕጋዊ ውዕሊ እዩ፡፡ ናይ ክራይ ስምምዕ ናይቲ ተኻራይን መካረይን መሰልን ግቡኡን ይቐምጥ፡፡ ብተወሳኺ ድማ እትኣትውሉ ዕለት፡ እቲ ውዕሊ ንክንደይ ግዘ ይፀንሕ፡ እቲ ክራይ ክንደይ ከም ዝኾነን መዓዝ ክትኽፍሊ ከም ዘለኪ የቐምጥ፡፡

## ክንክን ጥዕና

ሀገራዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት (NHS) ኣብ እንግሊዝ ንዝነብሩ ሰባት ናይ ጥዕና ኣገልግሎት የቕርብ፡፡ መብዛሕቲኦም ኣገልግሎታት ናፃ እዮም፡፡

### ኣብ ሕክምና ብኸመይ ይምዝገብ?

ኣብ እንግሊዝ ናይ ስድራ ሓኻይም ሓፈሻዊ ሓኪም ‹‹ GP›› ተባሂሎም ይፅውዑ፡፡ ሓፈሻዊ ሓኪም ናብ ጥዕና ትካል ክትኸዲ ከለኺ ፈለማ እትረኽብዮ ሓኪም እዩ፡፡ ኣብ ሓፈሻዊ መጥባሕትታ ይሰርሑ፡፡ ሀገራዊ ጥዕና ኣገልግሎት (NHS) መማረፂ መርበብ ባይታ ኣብ እንግሊዝ ዝርከቡ ሓፈሻዊ ሓኻይም ዝርዝር ኣለዎ፡፡

**www.nhs.uk/Service-Search/GP/LocationSearch/4**

ሕክምና ንምርካብ ንስኽን ውላድክን **ዋላኳ እንተዘይሓመምኩም ብዝተኻኣለ ፍጥነት ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም ክትምዝገቡ ይግባእ፡፡** ኣብ እንግሊዝ ኩሎም ወለዲ ደቆም ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም ከመዝግቡ ኣለዎም፡፡ ንምምዝጋብ ሓፈሻዊ ሓኪም መለለይ መረዳእታን ናይ እንግሊዝ

ኣድራሻ መረጋገጺ ንክተቕርቢ ክትሕተቲ ትኽእሊ ኢኺ። እንተኾነ ግና ብዘይካ እዚ ክትምዝገቢ ትኽእሊ ኢኺ። ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ኩነታትኪ ክትሕተቲ የብልክን። ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም ንምምዝጋብ ፀገም እንተድኣ ኣጋጢምኪ እዚ ዝስዕብ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ:

**ሓካይም ዓለም (Doctors of the World)**☎0808 1647 686 ኢሜይልclinic@doctorsoftheworld.org.uk.

### ቆፀሮ ሕክምና

ድሕሪ ምምዝጋብኪ፡ ሓፈሻዊ ሓኪም ክትረኽብዮ እንተድኣ ደሊኺ ኣቐዲምኪ ቴሌፎን ብምድዋል ቆፀሮ ክተትሕዚ ኣለኪ። እቲ ሓፈሻዊ ሓኪም ብዘይቆፀሮ ኣይሪአክን።

ኣብ ናይ ሐረክም ቆፀሮ ኣስተርጓሚ ንክህልውን ፆታ ምምራፅ ትኽእሊ ኢኺ። ብተወሳኺ እውን ክሕክመኪ እትደልዮ ፆታ ዶክተር ክትመርፂ ትኽእሊ ኢኺ። እንተድኣ ደሊኺ ዝኾነ ሰብ (መሰነይ ተባሂሉ ይፅዋ) ምሳኺ ብሓባር ናብቲ ቆፀሮ ንክመፅእ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ። እዚ ዝትፈልጥዮ ሰብ ወይ ካልእ በዓል ሞያ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ሓፈሻዊ ሓኪም ቆፀሮ እንተዘይሂብኪን ህፁፅ ዝኾነ ደገፍ እንተድኣ ደሊኺ ናብ ዎልከክ ኢን ማእኸላት ንምኻድ ክትፍትኒ ትኽእሊ ኢኺ። እዚ ናይ ሕክምና ደገፍ ንዘድልዮም ፀገማትን እንተኾነ ግና ከም ቀሊል ምቕፃል፣ ምቁራፅምንካስን ናይ እዝኒ ኢንፌክሽን ዝኣመሰሉ ሂወት ኣብ ሓደጋ ዘየብፅሑ ፀገማት እዩ።

### ኣብ ሕክምና ስኒ ብኸመይ ይምዝገብ?

ኩሎም እንተዘይኮኑ ገለገለ ሓካይም ስኒ NHS ሕክምና የቕርቡ። መብዛሕቲኦም ድማ ብውልቀ (ክፍሊት ከፊልኪ)ሕክምና ይህቡ። ኣብ ሕክምና ስኒ ከም ናይ NHS ተሓካሚ ክትምዝገብን ጥቕማት ትረኽቢ እንተድኣ ኮይነኪ ኣፍልጥዮም፡ እዚ እንተገይርኪ ድማ እቲ ምርመራን ኣድላይ ሕክምና ብናፃ ዝወሃብ ይኸውን። ናይ ስኒ ሓካይም ስሩዕ ዝኾነ ምርመራ ስኒ፡ መብዛሕትኡ ግዘ ብ6 ወርሒ ንክተካይዲ ይምዕዱ።

ኣስተብህ **ዩንቨርሳል ክረዲት እንክይረኸብኪ ናይ ስኒ ሕክምና እንተገይርኪ ክትኸፍሊ ክትግበሪ ትኽእሊ ኢኺ።**

### ኣብ ኩነታት ጥዕና ተወሳኺ ፋይናንሳዊ ደገፍ ክረክብ ይኽእልዶ?

ኩነታት ጥዕና እንተድኣ ኣለክን ክትሰርሒ ዘይትኽእሊ ወይ ንስራሕ ክትዳለዊ ዘይትኽእሊ እንተድኣ ኮይንኪ ካብ ዩንቨርሳል ክረዲት ተወሳኺ ገንዘብ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ።

ዕድምኦም ትሕቲ 16 ዝገኾኑ ህፃናት ብናፃ መድሓኒት ይወሃቦም። ካብዚ ወፃእ፡ ነቲ ዝወሃበኪ መድሓኒት ክትኸፍሊ ትኽእሊ ዘለኪ ኣታዊ፡ ኣብ እንግሊዝ ኣበየናይ ክፋል ትነብርን፡ ዕድኽን እቲ ዝተኣዘዘ መድሓኒት ናይ ምንታይ እዩ ዝብሉ ነገራት መሰረት ክገብር ይኽእል እዩ። ሕጂ ትሑት ኣታዊ እንተድ ኣለኪ ከም መድሓኒት፡ ሕክምና ስንን ሕክምና ዓይኒ ኣብ ዝኣመሰሉ ናይ ጥዕና ወፃኢታት ደገፍ ንምርካብ ኣብ NHS ትሑት እቶት ክተመልክቲ ትኽእሊ ኢኺ። **ንሓፈሻዊ ሓኪም፡ ናይ ስራሕ ማእኸል ወይ ደገፍ ስደተኛታት ንክሕግዙኹም ሕተቱ፡**

**ደገፍ ስደተኛታት (Migrant Help)** ☎0808 800 630 🌏www.migranthelpuk.org

### ኣብ ናይ ጥዕና ህፁፅ ሓደጋ እንታይ ይገብር?

ንሂወት ኣብ ሓደጋ ንዘውድቑ ህፁፅ ሓደጋታት ወይ ከቢድ ማህሰይቲ፡ ኣብ ከባቢኺ ናብ ዝርከብን ናይ ሓደጋን ህፁፅ ሓደጋ ክፍሊ (A&E) ወይ ህፁፅ ናይ ሓደጋ ክፍሊ (ED) ክዲ። መንግስታዊ ሆስፒታላት 24 ሰዓት ክፉት እዩ።

ናብ ሆስፒታል ምኻድ ዘይትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም ኣምቡላንስ ንምርካብ ናብ 999 ህፁፅ ሓደጋ ኣገልግሎት ደውሉ።
**ኣድራሻኺ ክትገልፅን እንታይ ከም ዝተፈጠረ ክተረድኢ ኣለኪ። ናይ 999 ኦፕሬተር እንታይ ክትገብሪ ከም ዘለክን እቲ ኣምቡላንስ ናባኺ ንክበፅሕ ክንደይ ግዘ ከም ዝወስደሉ ክትሕብረልኪ እያ።**

ህፁፅ ሓደጋ እንተዘይኮይኑን እንተኾነ ግና ናይ ሕክምና ምኽሪ ወይ ብህፁፅ ሕክምና ንምርካብ እንተድኣ ደሊኺ ናብ 111 ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ። ብቴሌፎን እትዛረብዮ ቋንቋ ክትነግርዮምን ኣስተርጓሚ ክረኽቡልኪ ይኽእሉ እዮም።

### ንስምዒታዊ ድሕንነት ወይ ኣእምሯዊ ጥዕና ደገፍ ኣሎዶ?

ምስ ስድራ ዳግማይ ክትራኸብ ከለኻ ሓጎስ እንተሃለወኳ ከቢድ ዝኾነ ስምዒት እውን ክህልው ልሙድ እዩ፡፡ ሓድሽ ሀገር፡ ሓድሽ ቋንቋን ኣብ ሓድሽ ቦታ ምንባር ንምልማድ ግዘ ይወስድ እዩ፡፡ ንገለገለ ድማ ንምልማድ ኣዝዩ ኸቢድ እንትኸውን ናይ ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ፅምዋን፡ ጭንቀት ወይ ሕርቃን ስምዒት ክስመዓኪ ይኽእል፡፡

ስምዒታዊ ድሕንነት ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣብ እንግሊዝ ሰባት ኣተሓሳስባ፡ ስምዒት ወይ ኣብ ሂወቶም ዘለው ነገራት ምላሽ ዝህብሉ መንገዲ ንምግላፅ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ይብሉ፡፡ ጥዕና ኣእምሮ ከም ሓደ ኣካል ሂወት ወይ ከቢድ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ፀገም ኩለና ትፅቢት እንገብሮ ፀገም እዩ፡፡ ኣብ እንግሊዝ ኣብ ሞንጎ 6 ዓበይቲ ሰባት 1 ናይ ኣእምሮ ጥዕና ፀገም ይህልዎም ፡ ሰባት ድማ ደገፍ ክረኽቡ ልሙድን ዘሕፍር ነገር የብሉን፡፡ ሓፈሻዊ ሓኪም ኣብ ስምዒታውን ጥዕና ኣእምሮ ብናፃ ምኽርን ሕክምናን ክህቡ ይኽእሉ እዮም፡ እንተኾነ ግና ናይ ስነኣእምሮ ሓኪም እውን ክሕክም ይኽእል እዩ፡፡

ተወሳኺ ደገፍ ንምርካብ፡

**ማይንድ (Mind)** ☎0300 123 3393 ፅሑፍ 86463 🌏www.mind.org.uk

**ሳማሪታንስ (Samaritans)**☎116 123 ኢሜይል: jo@samaritans.org

### ን ናይ ስነ ተዋልዶ ጥዕናይ ደገፍ ኣሎዶ?

መረዳእታ ንምርካብን ብዛዕባ ፆታዊ ጥዕናኺ ደገፍ ንምርካብ ናፃ ኣገልግሎት ናይ ምርካብ መሰል ኣለኪ፡፡ ኩሉ ናይ ሕክምና ምኽርን ታሪኽ ብምሽጥር ይተሓዝን ኣብ ሞንጎኽን ሓኪምኽን ዝተርፍ ይኸውን፡፡

ጥንሲ ንምቁፅፃርን ሰባት መጠን ስድርኦም ንምምራፅ ንክሕግዞም መከላኸሊ ጥንሲ ይጥቀሙ፡፡ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ናይ ስነ ተዋልዶ ክሊኒክ ብምኻድ ብዛዕባ እዚ ብምዝታይ እቲ ዝምችወኪ ሜላ ምክልኻል ጥንሲ ብናፃ ክትጥቀሚ ትኽእሊ፡፡

ኮንዶም ብፆታዊ ርክብ (STI) ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ይከላኸል፡፡ ንሓኪም ወይ ንፆታዊ ጥዕና ክሊኒክ ብናፃ ኮንደም ንክህበኪ ክትሓትን ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ምርመራ ንክገብረልክን ክሕክመክን ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

ነፍሰ ፁር ጓል ኣንስተይቲ እንተድኣ ኮይንክን እቲ ጥንሲ ንምቕፃል ርግፀኛ እንተዘይኮይንኪ መማረፂ ኣለኪ እዩ፡፡ ኣብ እንግሊዝ ምንፃል ጥንሲ ሕጋውን ክሳዕ ዝኾነ ግዘ ድማ ናፃ እዩ፡ እንተኾነ ግና እቲ ኣገልግሎት ዝርከበሉ መንገዲ ከከም ክልል ይፈላለ እዩ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ በዚ ዝስዕብ ተወሳኺ መረዳእታ ምርካብ ይኽእሉ እዮም፡

**ናይ እንግሊዝ ምምኻር ጥንሲ ኣገልግሎት** ☎03457 30 40 320፡፡

ወይr ኣብ ሰሜናዊ ኣየርላንድ እንተድኣ ኮይንኪ ን**ሰሜናዊ ኣየርላንድ ምርጫ ምሕባር ብ(Informing Choices NI)**028 9031 6100ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

ኣብ እንግሊዝ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ምግራዝ ዘይሕጋዊ እንትኸውን እዚ ኣብ ህፃን እንተድኣ ተፈፂሙ ናይ ህፃናት መጥቃዕቲ ተገይሩ ይውሰድ፡፡ እዚ ድማ ሰበይቲ ወይ ጓል ኣንስተይቲ እዚ ከይዲ ንምክያድ ናብ ካልእ ሃገር ንክትጎዓዝ ምምችቻው የካትት፡፡ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝተፈፀመን ደቂ ኣንስትዮ ሓፈሻዊ ሓኪም ምስ ስፔሻሊስት ሓኪም ወይ ደገፍ ጉጅለ ንክዘራረባ ክመቻቸወለን ደገፍ ክሓታ ይኽእላ እየን፡፡ ገለገለ ገበርቲ ሰናይ ምኽርን ደገፍ የቕርባ እየን፡፡

ህፃን ወይ ንእስቲ ኣብ ስግኣት ከም ዘላ እንተድኣ ኣሚንኪ ናብ ናይ NSPCC ደገፍ መስመር ክትድውሊ ወይ ንስኺ ኣብ ስግኣት እንተድኣ ኣለኺ ናብ ፖሊሲ ደውሊ፡፡

## ድሕንነት ምሕላው

<table><tr><td>

**ናይ ህፁፅ ሓደጋ እዋን ኣገልግሎት**

ንስኺ ወይ ካልእ ሰብ ህፁፅ ሓደጋ ኣገልግሎት እንተድኣ ደሊኹም ናብ ☎**999** ደውሉ፡፡ እዚ ፖሊስ፡ ሓደጋ ባርዕ ኣገልግሎት፡ ኣገልግሎት ኣምቡላንስ የካትት

</td></tr></table>

ድሕንነት እንተዘይተሰሚዕኪ ወይ ገበን ሪፖርት ንምግባር ንፖሊስ ክትረኽቢ ኣለኪ፡፡

ሰረቕትን ጉሒላታት ኣለውን መብዛሕቲኡ ከይዲ ሂወት ብኦንላይ ዝካየድ ስለዝኾነ፡ ካባኺ ገንዘብ ንምውሳድ ወይ ናይ መንነት ጉሕለት ንምክያድ መረዳእታኺን ውልቃዊ መረዳእታ ክረኽቡ ክፍትኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ባንክኺ ብናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ወይ ኢሜይል ናይ ባንክ ዝርዝር ንክትልእኺ እንተድኣ ሓቲትኪ ምላሽ ከይትሃቢ፡፡ መንግስቲ ወይ ባንክኻ ብናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ወይ ብኢሜይል ንዝርዝርካ ኣይሓተካን፡፡ ኣብ ዲጂታላዊ ድሕንነትን ዓርስኹም ካብ ኦንላይን ገበናት ምሕላው ብዝምልከት ኣብ **ሀገራዊ ሳይበር ድሕንነት ማእኸል(National Cyber Security Centre)፡** **www.ncsc.gov.uk/section/advice-guidance/all-topics**ይርከብ

ኣብ እንግሊዝ ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉም ከም ባራት፡ ዕዳጋታትን ናይ ስራሕ ቦታ ዝኣመሰሉ ቦታታት ምትካኽ ገበን እዩ፡፡ ከምኡ ድማ ዕድምኦም ትሕቲ 18 ንዝኾኑ ሰባት ትምሃሆ ምሻጥ ገበን እዩ፡፡

ኣብ እንግሊዝ ጓሓፍ ምጉሓፍ ዘይሕጋዊ እዩ፡ ስለዝኾነ ኩሉ ጎሓፍ (ሽጋራ ሓዊሱ) ኣብ መጉሓፊ ወይ ናይ ሽጋራ መተርኮሲ ክጎሓፍ ኣለዎ፡ እንተድኣ ተታሒዝኪ እቲ ቤት ምኽሪ ክፅዓት ክብይነልኪ እዩ፡፡

## ኢንግሊዝኛ ምምሃር

‹ESOL› (ኢንግሊዝኛ ንተዛረብቲ ካልኦት ቋንቋታት) ክፍሊ መብዛሕትኡ ግዘ ኣብ ኮሌጅ፡ ኮማዊ ማእኸላት፡ ከባብያዊ ግበረ ሰናይን ኣብ መላእ ሀገር ኣብ ዝርከብ ቤተ ንባብ ይቐርቡ፡፡ ናይ ቀትርን ምሸታዊ ክፈለ ግዘታት ምርካብ ትኽእሊ፡፡ ኣብ እንግሊዝ ሓደ ጥራሕ ኣቕራቢ ESOL የለን፡፡ ኣብ ከባቢኺ ዝርከብ ኣቕራቢ ‹‹ESOL + ኣብ ከባቢኹም›› ኢልኪ ምእላሽ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

## ናይ ህፃናት ትምህርቲ

ብመሰረት ናይ እንግሊዝ ሕጊ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮ ትምህርቲ ክመሃራ **ኣለዎን** ፡፡ ውላድኪ ከም ዝመሃር ክትገብሪ ኣለኪ፡፡ እንተዘይጌርኪ ሕጋዊ ስጉምቲ ወይ ናይ ገንዘብ ቅጽዓት ክትቅፅዒ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ዕድምኦም 4-11 ንዝኾኑ ህፃናት ዝወሃብ ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝበሃል እንትኸውን 12-16 ዝኾኑ ህፃናት ዝመሃርሉ ድማ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ይበሃል፡፡ ክልቲኦም ናፃ እዮም፡፡

ዕድምኦም 4 ወይ 5 ዝኾኑ ህፃናት፡ ከከም ዝተወለድሉ ዕለት ክተመዝግቢ ይግባእ፡፡

### ንደቀይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ የመዝግቦም?

ደቅኺ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮም ምስቲ ቤት ትምህርቲ ተራኺብኪ ቅጥዒ ክትመልኢ ኣለኪ፡፡ ሕድሕድ ከባብያዊ ምምሕዳር ንቤት ትምህርቲ ንምእታው ዝተፈላለየ ከይዲ ኣለዎ፡፡ ብኸመይ ከም እትምዝገቢ ርግፀኛ እንተዘይኮይንኪ መረዳእታ ክህበኪ ዝኽእል ከባብያወዊ ቤት ትምህርቲ ሕተቲ፡፡ ዋላኳ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከባቢኺ እንተኾነን ኣሕዋቱ ኣብኡ ዝመሃሩ እንተኾኑ፡ ዝኾነ ህፃን ኣብ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ከም ዝኣትው መረጋገፂ የለን፡፡

**ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣብ እትገብርዮ ኣኼባ ኣስተርጓሚ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኪ፡፡** ናይ ኣድራሻ መረጋገፂ፡ ንስኽን ውላድክን ዘለዎ ዝኾነ ዓይነት መለለይ (BRP ፓስፖርት፡ ቪዛ) ናይቲ ህፃን ናይ ልደት ሰርትፍኬት እንተሃልይኪ ተምጽኢ ይግባእ፡፡

ናብ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብ ሰሙናት ክወስድ ይኽእልን ውላድኪ ኣብቲ ዝመረፅክዮ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ከባቢኺ ኣብ ዝርከብ ከይኣትው ይኽእሉ እዮን፡፡

ኣብ ቀዳማይብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብ ተወሳኺ መረዳእታ ኣብዚ ዝስዕብ ምርካብ ትኽእሊ፡**www.gov.uk/apply-for-primary-school-place፡፡**

ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብ ተወሳኺ መረዳእታ ኣብዚ ዝስዕብ ምርካብ ትኽእሊ፡**www.gov.uk/apply-for-secondary-school-place፡፡**

ዋላኳ ናብ ሓድሽ ገዛ ክትኣትዊ ትኽእሊ እንተኾንኪ ወይ ናይ ገዛ ኩነታት ንፁር ተዘይኮይኑ ውላድኪ ንክመሃር ክተመዝግብዮ ኣለኪ፡፡ ናብ ሓድሽ ገዛ እንተድኣ ቀይርኪ ውላድኪ እውን ቤት ትምህርቲ ምቕያር ከድልዮ ይኽእል እዩ፡፡

### ንመጎዓዝያ፡ ዲቪዛ ትምህርቲን ንትምህርቲ መግቢ ፋይናንሳዊ ደገፍ ኣሎዶ?

ካብ ናይ ውላድኪ ቤት ትምህርቲ ርሒቕኪ ትነብሪ እንተድኣ ኮይንኪን በቲ እትነብርሉ ከባቢ መሰረት ብምግባር ናይ ቤት ትምህርቲ መጎዓዝያ ክህልው ይኽእል እዩ፡፡ ውላድኪ ካብ ቤት ትምህቲ ንክተርፍን ገዛይ ስለ ዝረሓቐ እዩ ኢልኪ ምኽንያት ምሃብ ኣይትኽእልን፡፡ ህፃናት ርሑቕ ዝጎዓዝ እንተድኣ ኮይኖም እቲ ቤት ትምህርቲ ደገፍ ከቕርብ ይኽእል እዩ፡፡

ትሑት ኣታዊ ወይ ዝኾነ ዓይነት ጥቕሚ ትቕበሊ እንተድኣ ኮይንኪ ከም ናይ ቤት ትምህርቲ ዲቪዛ ደገፍን ናፃ ናይ ቤት ትምህርቲ መግቢ ደገፍ ዝኣመሰሉ ተወሰኽቲ ፋይናንሳዊ ሓገዛት ክህልው ይኽእሉ እዮም፡፡ **ንከባብያዊ ምምሕዳር ብዛዕባ ደገፍን** ፋይናሳዊ ደገፍ ክትሓቲ ኣለኪ፡፡  ከከም ከባብያዊ ምምሕዳር ዘለው ደገፋት ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም፡፡

### ካብ ቤት ትምህርቲ ምውፃእ

ዕድምኦም ዝበፅሑ ህፃናት በቲ ትነብርሉ ከባቢ መሰረት ብምግባር ክወፁ ይኽእሉ፡ እንተኾነ ግና ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ዕድምኦም ድሕሪ 16 ምምልኡ ይውዳእ፡፡  ህፃናት ዕድምኦም 16-18 ክኸውን ከሎ ትምህርቶም ብዝተፈላለየ መንገዲ ምቕፃል ይኽእሉለለ ናይ ስራሕ ስልጠና ፡ ኣፓረንትሽፕ ወይ ተወሳኺ ኣብ ካልእ ኮሌጅ ወይ ሻልሻይ ፎርም ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

ናይ ህፃናት ጥቕሚ ትቕበሊ እንተድኣ ኮይንኪ እቲ ህፃን ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ወፃ ክፍሊት ይቋረፅ፡ ናይ ዩንቨርስቲ ክረዲት ድማ ዕድምኦም ክሳዕ 18 ዝኸውን ክረኽቡ ኣይክእሉን፡፡

ተወሳኺ ደገፍ ንዝደልዩ ህፃናት፡ ፍሉይ ድልየት ወይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ንምምሃር ንዝደልዩ ህፃናት ደገፍ ኣሎ እዩ፡፡ ፍሉይ ድልየት ናብ ትምህርታዊ ትርጓመ ክነምፅኦ ከለና ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ዘድሊ ማለት እንትኸውን እዚ ድማ ንምምሃር ካብ ዘሎ ፀገም፡ ኣካላዊ ስንክልና ወይ ስምዒታዊን ባህርያውን ፀገም ምኽንያት ብምግባር እዩ፡፡ እቲ ህፃን ፍሉይ ድልየት ወይ ኢንግልዝኛ ምምሃር እንተድኣ ደልዩ እዚ ደገፍ ንክረክብ ወለዲ ንቲ ከባብያዊ ምምሕዳርን ቤት ትምህርትን ክዘራርቡ ይኽእሉ እዮም፡፡

## ድሕንነት ህፃናት ምሕላው

ኣብ እንግሊዝ ውላድኪ ንምሕላው፡ ንምክንኻን፡ ንምዕባይን ድሕንነቱ ንምሕላው ናትኩም ሓላፍነት እዩ፡፡ ካብ ሓደጋን ማህሰይትን ናይ ምሕላው ሓለፍነት ናትኩም እዩ፡፡ ህፃናት ዓርሶም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ መልክዑ ንበይኖም ምግዳፍ ገበን እዩ፡፡ ህፃናት፡ ዕሽላትን መናእሰይ በይኖም ክግደፉ የብሎምን፡፡ ብሓፈሻ ዕድምኦም ትሕቲ 16 ዝኾኑ ህፃናት ክሕልው ኣይክእሉን ከምኡ ድማ ዕድምኦም ልዕሊ 16 ዝኾኑ ህፃናት ንነዊሕ እዋን ወይ ሙሉእ ለይቲ ህፃን ክሕልው የብሎምን፡፡

### ውላደይ ክሃርም ይኽእልዶ?

ኣብ እንግሊዝ ህፃናት ብኣካላዊ መቕፃዕቲ ምቕፃዕ ኣተሓሳስባ ብቕልጡፍ ይቕየር ኣሎ፡፡ ኣብ ስኮትላንድን ዌልስ ህፃናት ምህራም ወይ ምውቓዕ ዘይሕጋዊ እዩ፡፡ ኣብ ገለገለ ክፋላት እንግሊዝ ድማ ህፃናት ምውቃዕ ዘይሕጋዊ ዝኾን ኣብቲ ህፃን ማህሰይቲ ወይ ምልክት እንተኣብፂሑ እዩ፡፡ ውላድኪ ብኢድኪ ወይ ብዝኾነ ኣቕሓ ብምውቃዕ ወይ ብምህራምኪ ናብ ሕጋዊ ፀገም ክትኣትዊ ትኽእሊ፤ ምኽንያቱ እዚ ከም ጥቕዓት ክርኣይ ይኽእል እዩ፡፡

ኣካላዊ ቅፅዓት ወይ እንክይሃረምካ ዝተፈላለዩ መንገድታት ብምጥቃም ባህሪ ህፃን ዝቕየረሉም መንገድታት ብዝምልከት በዚ ዝስዕብ መረዳእታ ምርካብ ትኽእሉ ኢኹም፡ **learning.nspcc.org.uk/research-resources/leaflets/positive-parenting**

### ጥቕዓት ህፃናት እንታይ እዩ?

ጥቕዓት ህፃናት ማለት ዝኾነ ህፃን ኮነ ኢልካ ብዓብይ ወይ ካልእ ህፃን ክህሰይ ከሎ- እዚ ኣብ ነዊሕ ግዘን ገለገለ እዋን ዝካየድ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ኣካላዊ፡ ፆታዊ ወይ ስምዒታዊ ክኾንን ብኣካል ወይ ኦንላይን ክፍፀም ይኽእል እዩ፡፡ ከምኡ ድማ ፍቕሪ፡ ክንክንን ትኹረት ዘይምህላው ወይ ናይቲ ህፃን ናይ መግቢ፡ መፅለሊ፡ ሙቐትን ፅርየት ወዘተ ድልየት ዘይምምላእ ክኸውን ይኽእል - እዚ ድማ ‹ሸለልትነት› ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡

መንግስትን ኤጀንስታት ብዛዕባ ሂወት ስድራ ብዙሕ ሕቶታት ክሓቱን፡ እቲ ህፃን ተጠቒዑ ወይ ጥቕዓት ከይበፅሖ ኣብ ስግኣት ኣሎ ወይ ብዛዕባ እቲ ህፃን ሕቶ ወይ ጥርጣረ እንተድኣ ኣለዎም ጣልቃ ክኣትው ይኽእሉ እዮም፡፡

ቤት ትምህርቲ፡ ሓካይም፡ ካልኦት በዓል ሞያታት፡ ትካላት (ከም ናይ እንግሊዝ ቀይ መስቀል) ብዛዕባ ናይ ካልእ ሰብ ውላድ ሻቕሎት እንተድኣ ኣለዎም ሪፖርት ናይ ምግባር ሕጋዊ ግቡእ ኣለዎም፡፡ እዚ ድማ ምሕላው ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡ ሓለዋ እቲ ህፃንእንተድኣ ተሃሲዩ፡ በሰላ ወይ ቃፀሎ፡ እንተዘይተመመጊቡ፡ ተዘይተሓፂቡ፡ ክዳውንቱ እንተድኣ ተቐዲዶም ወይ ቤት ትምህርቲ ዘይመሃሩ እንተድኣ ኮይኖም ዝብሉ ሕቶታት ምሕታት የካትት፡፡ እቲ ህፃን ማህሰይቲ ይበፅሖ እንተድኣ ኣሎ ወይ ሸለልትነት እንተድኣ ኣሎ የፀርዩ ኣለው እዮም፡፡

### ማሕበራዊ ኣገልግሎት እንታይ እዩ?

ብዛዕባ ድሕንነት እቲ ህፃን ዘሻቕሉ ነገራት እንተድኣ ኣለው ናይ ህፃናት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብሕጋዊ መንገዲ ጣልቃ ክኣትው ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ኣገልግሎት ጉዳይ፡ ቤት ፍርዲ እቶም ህፃናት ካብ ስድርኦም ክውሰዱን ናብ ናብዮት ንክኣትውን ካብ ሓደጋ ናፃ ከም ዝኾኑ ክግበር ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ውሳነ ኩሉ ግዘ ነቲ ህፃን ቀዳምነት ዝሃበ እዩ፡፡

ብዛዕባ ውላደይ ወይ ካልእ ህፃን ተተሻቒለ ን NSPCC ወይ Childline ክረክብ ይኽእል፡፡

**NSPCC** 0808 800 5000

**Childline** 0800 1111

ናይ ህፃናት ማሕበራዊ ስራሕ ስድራ ንምሕጋዝ ይፍትንን ይሕግዝን ከምኡ ድማ ህፃናት ካብ ስድራ ንምንፃል ተሊሙ ኣይፈልጥን - እዚ ዝግበር ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ኩነታት እዩ፡፡ ድሕንነት ህፃናት ብዝሕልውን ካብ ጥቕዓት ናፃ ብምግባር ስድራ ብሓባር ንክፀንሑ ዝግበረሉ መንገዲ ይእልሹ፡፡ ፋይናንሳዊ ወይ ምዒታዊ ፀገም ወይ ናይ ደቆም ባህሪ ምስትኽኻል ንዝኣበዮምወለዲ ወይ ስድራ ዝትግበሩ ምኽርታትን ደገፋትን ኣብ ምሃብ ይሳተፉ፡፡

እዚ ደገፍ ዝተፈላለየ ስም ዘለዎ እንትኸውን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክፈላለይ ይኽእል እንተኾነ ግና ቀንዲ ሸትኦም ስድራ ምሕጋዝ እዩ፡፡ ምስ ከባብያዊ ሰብ መዚ ብምዝርራብ ዘለው ነገራት ክትፈልጢ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

## ዘቤታዊ ጥቕዓት

‹ዘቤታዊ ጥቕዓት› ምቁፅፃር ንክህልውን ኣብ ልዕሊ መፃምዲ ወይ ኣባል ስድራ ሓይሊ ንክህልው ዝኾነ ዓይነት ጥቕዓት ወይ ስጉምቲ ንምግላፅ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፡፡  ኣብእ ንግሊዝ ገበን እዩ፡፡ ኣካላዊ ፡ ፆታዊ፡ ስነ ኣእምሯዊ፡ ልሳናዊ፡ ስምዒታውን ፋይናንሳዊ ጥቕዓት የካትት፡፡ ንኣብነት መጻምድኺ ወይ ውላድኪ ምህራም ዘይሕጋዊ እዩ፡ ከምኡ ድማ ናይ መፃምድኺ ምንቅስቓስ፡ ዘዛርብዎ ሰብ፡ ናይ ገንዘብ ፍልፍልን ንመሓዙቶም ናይ ምጥያቕ መሰል ምቁፅፃር ዘይሕጋዊ እዩ፡፡

### ዘቤታው ጥቕዓት እንተድኣ ዝበፅሓኒ ኮይኑኸ?

ሓለዋ ክግበረልክን ድሕንነቱ ዝተሓለወ ቦታ ክትነብሪ መሰል ኣለኪ እዚ ደማ ስደኛ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡
ኣብ ርክብኪ **ዘቤታዊ ጥቕዓት ወይ ጥቕዓት** ዝበፅሓኪ እንተድኣ ኮይኑን ካብቲ ርክብ ክትወፂ እንተድኣ ደሊኺ ሓገዝ ንምርካብ እትኸድሉ ቦታ ኣሎ እዩ፡፡

ንስኺ ወይ ካልእ ሰብ ኣብ ሓደጋ እንተድኣ ኮይኑ ብቕልጡፍ **ንናይ ሓደጋ ኣገልግሎት** ኩሉ ግዘ ብ☎ **_999** ደውሊ፡፡

***ሀገራዊ ናይ ዘቤታዊ ጥቕዓት ደገፍ መስመር ድማ*** ኣብ ዝኾነ ሰዓት፡ ቀትሪ ወይ ምሸት ብምሽጥር ምኽሪ የቕርብ www.nationaldahelpline.org.uk **0808 2000 247** ፡፡ ናብ ሓባር መንበርን በዓል ሞያ ኣገልግሎት ሪፈር ክብሉኺ ይኽእሉ፡፡

## ኣብ እንግሊዝ ውልቃዊ ርክባት

ኣብ ናይ እንግሊዝ ሕጊ ተባዕታይን ኣንስታይ ብማዕረ ዓይኒ ይረኣዩ፡፡ እዚ ማለት ድማ ሰብኣይን ሰባይትን ኣብ ርክቦም ውሳነ ምውሳን ይኽእሉ እዮም፡፡ መፃምድኺ ንስኺ እንከይፈለጥክን ከይተሰማማዕኺ ኣባኺ ፅልዋ ዘሕድር ውሳነ ንክውስን ኣይፍቀድን፡፡

ኣብ ናይ እንግሊዝ ሕጊ ፆታዊ ርክብ ንምክያድ ፈቓድ የድሊ እዩ፡፡ ፈቓድ ማለት ዝኾነ ሰብ ምርጫ ንምምራፅ ናፅነትን ዓርሰ እምነት ክህልዎ ክሎ እዩ፡፡ እዚ ማለት ኩሉ ግዘ ፆታዊ ርክብ ክገብሩ ክለው ክልቲኦም **እወ** ክብሉ ኣለዎም፡፡ ሓሳብኪ እንተድኣ ቀይርክን **ኣይፋል** እንተድኣ ኢልኪ መፃምድኺ ከዳምፀኪ ይግባእ፡፡ ዋላኳ ሰብ ሓዳር እንተኾንኩም ፈቓድ ኣድላይ እዩ፡፡

ኣብ እንግሊዝ ምስ ኣንስተይቲ ወይ ሰብኣይ፡ ዋላ እውን መፃምድኺ ብፍላጦም ፈቓድ እንተዘይሃቡኺ ፆታዊ ርክን ምግባር ዘይሕጋውን ከም ዓመፅ ተገይሩ ይውሰድ፡፡ገበን ስለዝኾነ ድማ ንፖሊስ ሪፖርት ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

ኣብ እንግሊዝ ወሲባዊ ርክብ ንምግባር ዝፍቀድ ዕድመ 16 እዩ፡፡ ዕድምኦም ትሕቲ 16 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ወሲባዊ ምንቅስቓስ ክሳተፉ ዘይሕጋዊ እዩ፤ ዋላኳ ክልቲኦም ሰባት ዕድምኦም ትሕቲ 16 እንተኾኑ፡፡

ኣብ እንግሊዝ ስድራን ርክብን ዝተፈላለዩ እዮም፡፡ ንበይኑ ዘዕብይ ወላዲ፡ ሰበይቲ/ስብኣይ ኣቦ/ኣዶ ወይ ተመሳሳሊ ፆታ ዘለዎም ወለድን ደቆምን ዘለዎ ስድራ ኣሎ፡፡ ብመሰረት ሕጊ ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ኣንስትዮ ተባዕትዮ ድማ ደቂ ተባዕትዮ ክምርዓው ይኽእሉ እዮም፡፡

ሓዳር ሕጋዊ ውፅኢት ዘለዎ ሕጋዊ ስምምዕ እዩ፡፡ ዋላኳ ሰባት ሃይማኖታዊ ሓዳር ምግባር ዝኽእሉ እንተኾኑኳ ኣብ ሲቪል ቤት ፅሕፍት (ማለት እውን ሲቪላዊ ናይ ሓዳር ሰርትፍኬት) ዝግበር ሓዳር ኦፊሳላዊ ኣፍልጦ ኣለዎ፡፡ ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ ምምርዓው ኣይፍቀድን እዚ ድማ ድርብ ጋማ ተባሂሉ ዝፅዋዕ እንትኸውን ዘይሕጋዊ እዩ፡፡ ከምኡ ድማ ፍትሕ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክጅምርዎ ዝኽእሉ ሕጋዊ ክያዶ እዩ፡፡ ምፍላይ ኩሉ ግዘ መሕዘኒ ሰዓት እዩ እንተኾነ ግና ኣብ እንግሊዝ ንክልቲኦም ኣካላት ዘንድይ ኣይኮነን፡፡

## ምፍልላይ ስድራ:

ምስ ስድራኻ ዳግማይ ምፅንባር ኣዝዩ ዘሐጉስ ግዘ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ብተመሳሳሊ ድማ ዘጨንቕ ከቢድ ዝኾነ ስምዒት ክህልው ይኽእል እዩ፡፡

ርክብኺ እንተድኣ ተቛሪፁ ወይ ክቛረፅ እዩ ኢልኪ እንተድኣ ተጠራጢርኪ **ብዝተኽኣለ ፍጥነት ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ ኣገዳሲ እዩ፡፡**

ገለገለ መሰላትክን ግቡእኽን ምስ ናይ ‹ስፖንሰርኪ› ኩነታት ስደት ዝተሓሓዙ ምኳኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናይ ስፖንሰር መፅንሒ ተወዲኡ ወይ ምስቲ ሰብ ዘለኪ ርክብ እንተድኣ ተቛሪፁ ናይ ቪዛ መሰልኪ ክትስእኒ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ እንተኾነ ግና  ምስ ስፖንሰርኪ ዘለኪ ርክብ እንተድኣ ተቛሪፁ ኣብ እንግሊዝ ትፀንሕሉ መማረፂ ክህልው ስለዝኽእል ብቕልጡፍ ሕጋዊ ምኽሪ ክትረኽቢ ኣለኪ፡፡

ስፖንሰርኪ ‹‹ከስጉገኪ›› ወይ ካብ እንግሊዝ ‹‹ክትወፂ›› ገብረኪ ኣይኽእልን እንተኾነ ግና ምሳኺ ዘለዎ ርክብ ከም ዝተቐየረ ንሆም ኦፊስ ክፍልጥ ይኽእል እዩ፡፡ ሆም ኦፊስ ድማ ፃንሒት ቪዛኺ ክሓፅር ወይ ዓይነት ቪዛኺ እንተዘይቀይርኪ ክትወፂ ክሓተኪ ይኽእል እዩ፡፡

ዘለኪ ርክብ እንተደኣ ተቛሪፁን ካብ እንግሊዝ ክትወፂ እንተድኣ ደሊኺ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ናብ መበቆል ሀገርኪ ንምምላስ ገንዘብ ወይ መረዳእታ እንተዘይሃልይኪ፡ ናብ መበቆል ሀገርኪ ንምምላስ ካብ ሆም ኦፊስ ደገፍ ንምሕታት ከም እትኽእሊ ወይ ክትሓቲ ከም ዘለኪ ንምፍላጥ  ካብ ሕጋዊ ኣማኻሪ ወይ ጠበቓ ሕጋዊ ምኽሪ ሕተቲ፡፡

ገለገለ ብናፃ ናይ ስደተኝነት ምኽሪ ዝህቡ ሀገራዊ ትካላት ኣልው እዮም፤ እንተኾነ ግና ተወሳኺ ደገፍ ንምርካብ ጠበቓ ርኸቢ፡፡

**መሰል ደቂ ኣንስትዮ(Rights of Women)**(ኢንግላንድን ዌልስ ጥራሕ)

☎020 7490 7689 ሶኒን ሓሙስን 10 ቅድሚ ቀትሪ – 4 ድሕሪ ሰዓት  www.rightsofwomen.org.uk

**ጀስት ራይት ስኮትላድ (Just Right Scotland)**(ስኮትላንድ ጥራሕ)

☎0141 406 5350  www.justrightscotland.org.uk/

**ደገፍ ስደተኛታት** (ኣብ ናይ ዑቕባ ጉዳይ ምምኻር)

ደገፍ ስደተኛታት ☎0808 800 630   🌏www.migranthelpuk.org

